Law Centre NI

Migration Justice Project

# እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይኩም ንኸይዝረዝ ግበር ዘለዎ ጥንቃቒታት።

**ዑቕባ ንዘሓተቱ ኣገዳሲ ዝኾነ ሓበሬታታ።** **Tigrinya**

ኣብ ቀረባ እዋን ዝተቐየረ ሕጊ ማለት እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይኩም ንኽስረዝ ዘብቕዖ ምኽንያታት ብጣዕሚ ቀሊል እዩ ። እዚ ማለት ከኣ እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይኩም ኣብ ቀረባ እዋን ክዕጾ እዩ ማለት እዩ ፣ እዚ ከኣ መንበሪ ፍቓድ ወይ ከኣ ዑቕባ ዝሓተትኩሞ ጉዳይኩም ኣይክቕበሉኹም እዮም ማለት እዩ ።

እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይኩም ከይስረዝ መታን ከተማልእዎ ዘለኩም ነገራት፡-

**1.** እንተድኣ ዝኾነ ናትኩም ዝርዝር ተቐይሩ ን Home Office (ሆም ኦፊስ) ብቑልጡፍ ከተፍልጥዎም ይግባእ ። እቲ ከኣ ቁጽሪ ተሌፎንኩም ፣ ኣድራሻኹም ፣ ኢሜል ኣድራሻኹም ከይተረፈ ክቕየር ከሎ ዘጠቓልል እዩ ። ገ.እዚ ከኣ በዚ ዝስዕብ መንገዲ ከተማልእዎ ትኽእሉ ኢኹም ፡

- ን Home Office (ሆም ኦፊስ) ኣብ እቲ ከይድኩም ትፍርምሉ ጊዜ ክትሕብሩዎም ትኽእሉ ፣
- ን  Migrant Help(ሚግራንት ሄልፕ) – ክትሕብርዎም ትኽእሉ ብድሕሪት ዘሎ ገጽ ተወከሱ ።
- ን ጠበቓኹም ብምሕባር;

**2.** ቅድሚ እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይኩም ብስላጡ ካብ ሃገር እንግሊዝ ለቑቕኩም ክትወጹ የብልኩምን ። እዚ ማለት ከኣ Republic of Ireland (ረፓብሊክ ኦፍ ኣይርላንድ) እውን ክትገሹ የብልኩምን ማለት እዩ ። እንተድኣ ናብኡ ከይድኩም ዋላ ንሓጺር ጊዜ ምስ Dublin (ዳብሊን) መንግስቲ ኣብ ጸገም ክትኣትው ትኽእሉ ከምኡ እውን እቲ ዑቕባ ሓቲትኩሞ ዘለኹም ጉዳይኩም ኣብ ሃገር እንግሊዝ ክስረዝ ይኽእል እዩ ።

**3.** እንተድኣ ዝኾነ ናይ ዑቕባ ዝሓተትኩሞ ጉዳይኩም ቆጸራ ቃለ መጠይቕ ክትገብሩ ደብዳቤ ወይ ሓበሬታ በጺሑኩም ወይ ፎርም ዝምላእ ዶኩመንት በጺሕኩም ንጠባቓኹም ብቕልጡፍ ከተፍልጥዎ ይግባእ ።

**4.** ኩሉ እቲ ተሌፎን ዝተደወለልኩም ቆጸራታት ብ Home Office (ሆም ኦፊስ) መልሲ ሃቡ ።

**5.** ኩሉ እቲ ብ Home Office (ሆም ኦፊስ) ዝተዋህበኩም ቆጸራታት ኣብ ቆጸራኹም ተረኸቡ ፣ ከምኡ እውን 'ክትፍርሙ' ዝግበረልኩም ኦጸራታት ኣብ Drumkeen House Attend all Home Office interviews and repo(ድራምከን ሃውስ) ኣብ ተግባር ከተውዕልዎ ይግባእ ።

**6.** እንተድኣ ዝኾነ ቆጸራ ወይ ቃለመጠይቕ ብ Home Office (ሆም ኦፊስ) ዝተገበረልኩም ሓሊፍኩም ብቕልጡፍ ነቲ ዝምልከቶ ኣካል ንምንታይ እቲ ቆጸራ ከምዝሓለፈኩም ክትሕብሩ ይግባእ ። ንምሳሌ ብሕማም ምክንያት እንተኮይኑ። ነቲ ኣድላይ ዝኾነ ዶኩመንትታት ክትመልእዎ መታን ከኣ ነቶም ብዛዕባ እዚ ዝሕግዙ ትካላት ተራኺብኩም ሓገዝ ሕተትዎም ።

# ዝኾነ ለውጥታት እንተ ድኣ ኣሎ ኮኑም ብዛዕባኩም ን Migrant Help (ቸንግስ ቶ ሚግራንት ሄልፕ) ሓብርዎም ፡፡

እንተድኣ ዝኾነ ነገራት ብዛዕባኩም ተቐይሩ ን Migrant Help (ሚግራንት ሄልፕ) ብቑልጡፍ ክትሕብሩዎም ኣለኩም ፡፡

- ናይ ነናይ ጸ Asylum Helpline (ኣሳይለም ሄልፕ ላይን) ዑቕባ ዝሓተቱ ቁጽሪ ቴሌኦፍን - 0808 8010 503
- Webchat (ዌብ ቻት)
- ኣብ መስመር ኣብ ኢንተርነት ኣቲኻ ዝምላእ ፎርም
- ኢመይል ናብ፡ CoC@MigrantHelpUk.org

ምስ Migrant Help (ሚግራንት ሄልፕ) ክታኸብይ ከለኹም እቲ ናትኩም መዝገብ ቁጽሪ ብዛዕባ ዑቕባ ዝሓተትኩሞ ጉዳይ ዝምልከት ክትህብዎም ይግባእ ፡፡ እዚ መዝገብ ቁጽሪታት ከኣ ኣብ ኣቲ ብ Home Office (ሆም ኦፊስ) ዝወሃበኩም መዝገብ ቁጽሪ ዑቕባ ክትሓቱ ከለኹም ዝወሃበኩም ደብዳቤታት ኣብኡ ክትረኽብዎ ትኽእሉ ኢኹም ፡፡ እትነ ድኣ ጉዳይኩም ካልእ ትካል ዝሕግዘኩም ኮይኑ ከኣ ናይ ፍቓድ ወረቐት ንስኹም ትፍርምዎ ኣሎ ኣብ ኢንተርነት ኣቲኹም ንሱ ከተማልኡ ኣለኩም ቅድሚ ካልእ ትካል ክግዘኩም ፡፡

## ናይ ነናይ ጸ Asylum Helpline (ኣሳይለም ሄልፕ ላይን) ዑቕባ ዝሓተቱ ቁጽሪ ቴሌኦፍን - 0808 8010 503

እዚ ኣገልግሎት እዚ ሓድ ሓደ ጊዜ ነዊሕ ጊዜ ኣብ መስመር መልሲ ስጋብ ትረኽቡ ክትጽበዩ ትኽእሉ ኢኹም ፡፡ እዚ ናይ ሓገዝ መስመር ከኣ 24/7 ኩሉ ጊዜ ኩሉ ሰዓታት ኩሉ መዓልቲ ክፉት እዩ ፡፡ እቲ መስመር ጽዑቕ ዘይኮነሉ ጊዜ ካብ ካብ ናይ ስራሕ ሰዓታት ወጻኢ እዩ ፣ ንሕና ኣብ እቲ ናይ ስራሕ ሰዓታት ዘይኮነ ጊዜ ክትድውሉ ኢና ንምዕደኩም መታን እቲ መስመር ጽዑቕ ከይኮውን ንነዊ ጊዜ ከይትጽበዩ መታን ፡፡

## Webchat (ዌብ ቻት)

Migrant Help's Webchat (ሚግራንት ሄልፕ ዌብ ቻት) ዝበሃል መንገዲ መራኸቢ ሓገዝ ዝወሃበሉ እውን 24/7 ኩሉ ጊዜ ኩሉ ሰዓታትን መዓልትን ክፍቲ እዩ ፣ ዝኾነ ሓበሬታ እንተደሊኹም ወይ ከኣ ብዛዕባ ጉዳይኩም ኣገዳሲ ዝኾነ ነገራት ክትሕብሩ ደሊኹም በዚ መንገዲ እዚ ከተማልኡ ትኽእሉ ኢኹም ፡፡ ምስ እቶም ሓገዝ ዝህቡ ኣብ መስመር ምስተራኸብኩም እቲ ትደልይዎ ሓገዝ ንኣምነት ናትኩም ሓድሽ ዝርዝር ከሐድስዎ እንተኾይኑ ስጋብ ነቲ ትደልይዎ ዘማልኡ ኣብ መስመር ክትጽበይዎም ይግባእ ፡፡ ከምኡ እውን ዝርርብኩም ምስ ወዳእኩም እቲ ዝገበርኩሞ ዝርርብ ወይ ዳውንሎድ ወይ ከኣ ካብ ኢንተርነት ብምውራድ ኣብ ስቱር ቦታ ከተቐምጥዎ ይግባእ ምናልባት ንመጻኢ ጊዜ ከየድልየኩም መታን ፡፡




https://ellis.custhelp.com/app/chat/chat_launch

# ዝኾነ ለውጥታት እንተ ድኣ ኣሎ ኮኑም ብዛዕባኩም ን Migrant Help (ቸንግስ ቶ ሚግራንት ሄልፕ) ሓብርዎም ፡፡

## ኣብ መስመር ኣብ ኢንተርነት ኣቲኻ ዝምላእ ፎርም

ከምኡ እውን ነዚ መራኸቢ መስመር ብምጥቃም ምስ Migrant Help (ሚግራንት ሄልፕ) ዝኾነ ለውጢ እንተ ድኣ ኣሎ ኮይኑ ብዛዕባ ጉዳይኩም ወይ ከኣ ብዛዕባ ካልእ ሰብ ክትሕብሩ ትኽእሉ ኢኹም ፡፡ ከምኡ እውን እቲ ንዓኹም ዘድልየኩም ትኽክል ዝኾነ ነገር ክትመርጹ ይግባእ ከምኡ እውም ምስ እቲ ንስኹም ትደልይዎ ዘለኩም ኣካል ትኽክል ዝኾነ ክትራኸቡ ክትፍትኑ ይግባእ ፡፡ ምስኦም ክትራኸቡ ከለኹም ብዛዕባ እቲ ትሓተዎ ዘለኹም ጉዳይ ሓጺር መግለጽን ብዛዕባ ዝርዝርኩም ዝምልከት ሓበሬታት ክትህቡ ይግባእ ፡፡ ንምሳሌ ብኽብረትኩም ቁጽሪ ተሌፎን ቅይረ ኣለኹ እሞ ቀይሩለይ ካብ እዚ ቁጽሪ እዚ ናብ ቁጽሪ እዚ ፡፡




https://ellis.custhelp.com/app/ask

## ኢመይል ናብ: CoC@MigrantHelpUk.org

እንተ ድኣ Migrant Help (ሚግርናት ሄልፕ) ክሕጉዝኹም መሪጽኩም እቲ ናትኩም ኢመይል ኣድራሻ ን Home Office (ሆም ኦፊስ) ጌርኩም ትጥቀሙ ይግባእ ፡፡ ሕታም ናይ እቲ ትሰድዎ ኢመይል ከኣ ኣብ ስቱር ቦታ ክተቐምጥዎ ይግባእ ንመጻኢ ጊዜ ከየድልየኩም መታን ፡፡ እንተድኣ ኣለኩም ኮይኑ ከኣ እንተወሓደ ሓደ መዝገብ ቁጽሪ ብዛዕባኹም ዝምልከት ክትጥቀሙ ይግባእ ፡፡ እቲ ናትኩም ውልቃዊ ዝርዝርኩም ከኣ ልክዕ ከም እቲ ኣቐዲምኩም ን Home Office (ሆም ኦፊስ) ዝሃብኩሞም ሓደ ዓይነት ክኸውን ይግባእ ፡፡ እዚ መግለጺ ገጽ ከም ምሳሌ ጌርኩም ክጥቀምሉ ትኽእሉ ኢኹም ፡፡




ሓላፍነት ዘይምውሳድ መግለጺ ፡ ዋላእክዋ ኩሉ እቲ ንህቦ ሓበሬታ ኣብ Law Centre (ሎው ሰንተር) ብዝተኻእለ መጠን ትኽክል ክኸውን ከምዘለዎ ንጽዓር እንበር ፣ እንተ ድኣ ዝኾነ ሓበሬታ ትኽክል ዘይኮነ ተረኺቡ ነዚ ንሕና ሓላፍነት ኣይንወስድን ኢና ፡፡ ምስ እዚ ዶኩመንት ተታሓሒዙ ዘሎ ሓበሬታታት ፣ ሙሉእ ዝተማለአን ናይ ሕጋዊ ቃል ጌርኩም ክትወድስዎ ኣይግባእን እዩ ፡፡ ኣድላይ ኮይኑ እንተ ድኣ ተረኺቡ ብኽብረትኩም ምስimmigration advice (ሚግራንት ኣድቫይስ) ተራኺብኩም ውልቃዊ ጉዳይኩም ዝምልከት ሓበሬታን ምኽርን ክትረኽቡ ፈትኑ ፡፡